LFV SH
Landesfeuerwehrverband
Schleswig-Holstein



# መጥፋእቲ-ሓዊ ዝሕብርዎ ...

## ባርዕ ምውጋድ ከምኡ ውን ቅኑዕ ተግባራት ኣብ እዋን ባርዕ

ምስ ህዝቢ ንህዝቢ ኣብ ሃገር

Tigrinya · ትግርኛ

## መእተዊ



Detlef Radtke

**ደትለፍ ራድትከ**

ዞባዊ ከኢላ መጥፋእቲ ሓዊ

መጥፋእቲ ሓዊ ኣገዳስቲ ክፋል ናይ ውሕስነትን ናይ ሂወት ድሕትን ኣብ ሃገርና እዩም። ሃገራዊ ማሕበር መጥፍኢ ሓዊ ከኣ “ምስ ህዝቢ ንህዝቢ ኣብ ሃገር” ብዝብል ጭርሖ ተሰኒቑ፡ ነፍስ ወከፍ ሰብ ብዘይ ምፍልላይ ቀቢላ፡ ዓሌት፡ ሕብሪ ቆርበት፡ ሃይማኖት፡ ወገን ብዘየገድስ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ክፈልጡን ክነጥፉን ጎስጓስ የካይድ።

እዚ ሓበሬታዊ ጽሑፍ እዚ ዝተፈላለዩ መምርሒታት ብዛዕባ ኣገባብን ተግባራዊ ኣብነታትን ኣብ እዋን ባርዕ ዝምልከቱ ሓበሬታ የቕስም። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ድማ እዚ ማሕበር መጥፍኢ ሓዊ ኣውራጃ ሽለስዊግ-ሆልሽታይን ንኹሎም ኣብ ሓፈሻዊ ስራሕ ምጥፋእ ሓዊን ኣብ ኣስተምህሮ ንስደተኛታት ብዛዕባ ክንክንን ጥንቃቐን ኣበርኪቶ ዝህቡ ደቀንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ሓገዝ ይህብ።

ዕላማና ድማ፡ ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ብሓድሕዳዊ ምትእምማንን ምርድዳእን ዝተቐየደ ሓባራዊ ስራሕ ንምፍጣር እዩ። ስለዚ ንኹሎም ነዚ ዕላማ እዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዘይመደይ ኢሎም ብዑቱብ ዝሰርሑሉ ዘለዉን ኣብ ዝድለ እዋን ኣብ ጎንና ዘለዎ ሰባት በዚ ኣጋጣሚ ምስጋናና ይብጸሓዮም።



ብሽም ዞባዊ መጥፋእቲ ሓዊ ሽለስቪግ ሆልስታይን ብፍላይ ንብገዛእ ድለቱ ነዚ ተግባራትን ሓሳባትን ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል ዝገበረ ብጻየይ ሃውክ ኤሪክሰን ምስጋናይ የቕርብ።



*Detlef Radtke*

## ሓበረታ ውሰዱ


- ብኸመይ ካብ ገዛኹም ወይ ዘለኹሞ ቦታ ናብ መደያይቦ-መገዲ (ኣስካላ)፣ኮረደዮ ወይ ናብ ናይ ህጹጽ-ሓደጋ መውጽኢ ክትበጽሑ ከም ትኽእሉ!
- እቲ ዝቐረበ ናይ ተሌፎን፣ ሓባሪ-ሓዊ ወይ ድማ ናይ ህንጻ ኣላርም ኣበይ ዝርከቡ!
- ናይ ሓደጋ ደወል ብትኽክል ብኸመይ  ከም ዝግበር
- መጥፋኢ ሓዊ ይኹን ካልእ ናይ ሓዊ መጥፍኢ መሳርሒታ ኣበይ ከም ዝርከቡን ኣገባብ ኣጠቓቕመኦምን





# ኣስተውዕሉ

- ኩሉ ናይ መህደምን-መድሕንን መንገዲታት ብቐጻሊ ነጻ ይኹውን! ኮሪደሮን መደያይቢ-መገዲን (ኣስካላ) ናይ መድሕን-መገዲታት ኢዮም። ኩሉ ግዜ ናይ ግድን ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክሕለፉ ከም ዝኽእሉ ምግባሮም። <u>መቐመጢ ንብረት ድማ</u> ኣይኮኑን!
- <u>ምእንቲ ሓውን ትክን ንከየስፋሕፍሕ ምቑጽጻር ክጥዕም፣</u> ኣብ ናይ መድሕን-መንገዲታት ዘሎ መዓጹ ብቐጻሊ ዕጹዋት ክኾኑ ይግብኦም!
- ናብ ህንጻታት ዘምርሕ መእተዊታት ከምኡውን ናይ ማይ-ቡምባ (ቀይሕ ዝሕብሩ ናይ መጥፋእቲ ሓዊ)፣ <u>ዘይምዕጋትን ዘይምዕጻውን ወይ ድማ መኪና ብግዝያውነት ዘይምቕማጥ!</u>
- ናይ ድሕነት-ንዋትን ናይ ሓዊ መጥፍኢ-መሳርሕን ዘይምብልሻው ወይ ድማ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ዘይምግባር



# ኣብ ሓዊ ወይ ድማ ኤለትሪክ ዝምልከት፣ ኣተሓሕዛኹም ጥንቑቕ ይኹን



ኣትከኽቲ ሺጋራ ኩሉ ግዜ ዘይነድድ መንገፊ-ሽጋራ ክጥቀሙ ይግባእ። ኣብ ናይ ወረቖት መጉሓፊ ምንጋፍ ሓደገኛ እዩ። ሽጋራ ምትካኽ ኩልኩል ዝኾነ ቦታ ምስትውዓል።

ክፉት ሓውን ካላእ ናይ ዋዒ ምንጭታትን ብፍጹም ብዘይ ሓለዋ ዘይምሕዳግ። ፈሮ፣ ናይ መግቢ መስርሒ ወይ ድማ አለክትሪካዊ-መውዓዪ ገዛ ወዘተ ብርቱዓት ናይ ዋዒ መመንጨዊታት ስለ ዝኾኑ፣ ልክዕ ከም ክፉት ሓዊ ሓደገኛታት እዮም።


ኤለክትሪካዊ መሳሪሒታት ብፍጹም ኣይትሸፍኑ!

ዝተበላሸዉ ወይ ድማ ብግቡእ ዘይተዐረዩ ናይ ኤለክትሪክ ናውቲ ከምኡውን ናይ ኤለትሪክ መናውሒ ገመድ፣ ንናይ ባርዕን ናይ ኤለትሪክ ሓደጋን ዝተቓልዑ ስለዝኾኑ፣ ክትጥቀምሎም ኣይግባእን እዩ።

ዝተለውዩ ናይ ኤለትሪክ ገመዳት ወይ ድማ ብሰንኪ ብዝሒ መስመራት ኣብ መሰኩዒ ኤለትሪክ ሚዛን ወይ ሓይሊ ዝበርትዖም መስመራት ብጣዕሚ ክረስኑ ስለዝኽእሉ፣ ከም ሳዕበኑ ጠንቂ ባርዕ ይኾኑ!

## ርግእ ምባል- ዘይምርባሽ


### ከምኡውን ስንባደ ምውጋድ እቲ ዝለዓለ ኣገባብ እዩ!



ሓደ ሰብ ኣብ ስንባደ ምስ ዝኣቱ፡ ካብ ባርዕ ሓዊ ብዘይ ጉድኣት ክወጽእ ኣዝዩ ጸቢብ ዕድል እዩ ዘለዎ!

## ኣብ ውሑስ ቦታ ምኻድ

### ከምኡውን ምሳኹም ዝቅመጡ ኣጠንቅቑ!



ሓገዝ ንዝድልዮም ሰባት ፍሉይ ቆላሕታ ምግባር። ህጻናት ከምኡውን ሓገዝ ዝጽበዩ ሰባት ቀዳምነት ይወሃቦም፣ ምኽንያቱ፣ ብቐሊል ነፍሶም ክሕግዙ ስለዘይክእሉ

ብዝተኻእለ መጠን መስኮት ዕጸዉ


ናይ ሓውን ትክን ምስፍሕፋሕ ንምንካይ፣ ናይ ግድን ማዕጾ ዕጸው!


ካብ ክፍልኹም ወይ ገዛኹም ብቑልጡፍ ውጹ!

ምእንቲ ከይትዕፈኑ፣ መደየቢት (ሊፍት) ብፍጹም ከይትትጥቀሙ። ኤለትሪክ ኣብ ዝቋረጸሉ እዋን እታ መደየቢት ኣብ ሓዲግ ጠጠው ክትብል እያ

ኩላቶም ነባሮ ናይቲ ገዛ ኣብ ቅድሚ እቲ ገዛ ተኣኪቦም ንመጥፋእቲ-ሓዊ ይጽበዩ!

ንካብ መጥፋእቲ-ሓውን ፖሊስን ክቐርቡ ዝኽእሉ ሕቶታት ቅሩባት ኩኑ!









## ባርዕ ምስ ዘጋጥም እንታይ ንገብር፧

## ናይ መድሕን-መገዲ ብትኪ ምስዝዕብለል


ካብ ትኪ ነጻ ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ምዕቛብ፣ ማዕጾ ምዕጻው፣ ብነኣሽቱ-ካዳውንቲ ወይ ድማ ኮበርታ ገርካ ንክፉት ቦታታት ምሕታም!

ብክፉት መስኮት ሓገዝ ምሕታት!

ተዓሚትካ ብመስኮት ብፍጹም ዘይምዝላል!







## መጥፋእቲ-ሓዊ ምጽዋዕ

- ስልኪ ቁጽሪ 112 ደዊልኩም
- ስምኩም ንገሩ
- እንታይ ከም ዘጓነፈ
- ኣበይ ከም ዘጓነፈ
- ብዝሒ ናይ ኣብ ሓደጋ ዝርከቡ ሰባት
- ቀጻሊ ሕቶታት መልሱ
- ርክብ ኣይተቛርጹ። ባዕልኹም ዝርርብ ምስ መጥፋእቲ ሓዊ ኣይተቛርጹ!

ንዋዛ ወይ ድማ ቖራጽ መዓንጣ ምኽንካ ንምርኣይ ብፍጹም መጥፋእቲ-ሓዊ ከይትድውል



# ቀለልቲ ባርዕ ባዕልኹም ኣጥፍኣዎ

ግን ነፍስኹም ፈጺምኩም ኣብ ሓደጋ ከይ ኣውደቕኩም!

## ትኪ ልከዕ ከም ሓዊ ሓደገኛ ኮይኑ ካብ ሓዊ ግን ይቕልጥፍ!







# ተወሳኺ ሓበሬታ

ኣብ ኩሉ ናይ ባርዕ ምክልኻል ዘዳንፉ ጸገማት፣ ናይ ዘባኹም መጥፋእቲ-ሓዊ  ብደስታ ሓገዝ ክህቡኹም ይኽእሉ እዮም።



**Herausgeber:**

Landesfeuerwehrverband Schleswig-Holstein
Hopfenstraße 2d
24114 Kiel

www.LFV-SH.de

Verantwortlich: Hauke Erichsen

Alle Rechte der Vervielfältigung und Verbreitung in jeglicher Form vorbehalten. Kein Teil des Werkes darf ohne schriftliche Genehmigung des Landesfeuerwehrverbandes Schleswig-Holstein reproduziert, vervielfältigt, verarbeitet oder verbreitet werden.

Gefördert mit Mitteln des